# *ጽምብል ዝኽሪ ንኹሎም ኣብ ማሕዩር ስርዓት ኤርትራ ዝሓቖቑን ዝሓቖ ዘለውን ኤርትራውያን ኣብ ዋሽንግቶን ዲ. ሲን ከባቢኣን*

*ገብረ ገብረማሪያም (ዶር.)*

ከምቲ ኣብ ኩሉ ኣከባቢታት ዓለም ክካየድ ዝቐነየ፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣብ ዋሽንግቶን ዲ.ሲን ከባቢኣን’ውን ጽምብል ንዝኽሪ ነቶም ኣብ ማሕዩር ስርዓት ኤርትራ ዝሓቖቑን ዝሓቖ ዘለውን ኤርትራውያን ኣብ ዕለት 24-25 መጋቢት 2018 ተኻይዱ። እቲ ናይ 24 መጋቢት 2018 ጽምብል፡ ብናይ ዲ.ሲን ከባቢኣን ናይ ደምበ ፍትሒ ኣዋሃሃዲት ኮሚቴ ዝተወደበ ኮይኑ፡ ብዙሓት ልሉያት ኤርትራውያን ተቓልስቲ ኣብ ዝተረኽብሉ ካብ 5፡00 - 8፡00 ድሕሪ ቀትሪ ***“ንጀጋኑና ንዘኽር!”፣ “ንመሰልና ንቃለስ”፣ “ኣበይ ኣለዉ/ኣለዋ?”፣ “ኩሎም ናይ ፖለቲካ እሱራት ይፈትሑ!”፣ “ጀጋኑና ንዘልኣለም ይዘከሩ!”*** ኣብ ትሕቲ ዝብሉ ጭርሖታት ኣብ ስፕሪንግፊልድ ክፍለ-ግዝኣት ቨርጂንያ ኢዩ ተኻይዱ። ብዙሓት ተቓለስቲ ነቲ ጽምብል ዘንጸባርቕ ተዝክሮታቶምን ስሚዒታትቶምን ንተኻፈልቲ ጽምብል ከክፍሉ ኣምስዮም።

ተጋዳይ ኣለም ዮውሃንስ፡ ኣባል ፈጻሚት ሽማግለን ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያትን ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (ሰዲህኤ)፡ ሓደ ካብቶም ኣብቲ ጽምብል ተረኺቦም ተዝክሮታቶም ዘካፈሉ ኢዩ ነይሩ። ንሱ፡ ንሃይለ ወልደንስኤ (ድሩዕ) ኣብ መጀመርታ 1970ታት ኣብ ሰምበል ቤት ማእሰርቲ ብሓደ ታኣሲሮም ከምዝነበሩን፡ ሓቢሮም ካኣ ብናይ ጀብሃ ስሪሒት ኣብ 1975 ካብ ማእሰርቲ ከምዝወጹን ብምጥቃስ፡ ሕጂ ካኣ ልክዕ ከምቲ ናይ ቀደም ህዝቢ ኤርትራ ተቓሊሱ ንድሩዕን ብጾቱን ካብ ቤት ማእሰርቲ ንከውጽኦም መብጻዓን ተስፋን ከምዝነበሮ ገሊጹ። “ስለዝደንጎና፡ እቲ መብጻዓ ከይተተግበረ ድሩዕን ብጾቱን ካብዛ ዓለም ምፍላዮም ዝስማዓኒ ሓዘን መሪር ኢዩ” ካኣ ኢሉ። ምሉእ ትሕዝቶ ናይቲ መደረ ንምክትታል፡ ነዛ ኣብ ታሕቲ ዘላ ስእሊ ወይ ካኣ ኣብዚ ጠውቑ።




*ተጋዳላይ ኣለም ዮውሃንስ ዘወልዳይ፡ ኣባል ፈጻሚት ሽማግለን ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ (ሰዲህኤ) ኣብ ጽምብል ዝኽሪ ንኹሎም ኣብ ማሕዩር ስርዓት ኤርትራ ዝሓቖቑን ዝሓቖ ዘለውን ኤርትራውያን ኣብ ዋሽንግቶን ዲ. ሲን ከባቢኣን ተሞኩሮታቱ ንተሳተፍቲ ጽምብል እዳካፈለ ከሎ*

ኣብቲ ጽምብል ተሞኩሮታቶም  ካብ ዘካፈሉ ካለኦት ተቓለስቲ፡ ገዲም ተጋዳላይ ኣድሓኖም ገብረማሪያምን ገዲም ተቓላሳይ ሰንጋል ወልደንስኤ (ሓዉ ን ሃይለ ድሩእ) ይርከብዎም። ተጋዳላይ ኣድሓኖም፡ ዝርዝር ሓበሬታ ብዛዕባ ነብሲ-ወከፍ ኣባል ጉጅለ 15ን ብዛዕባ ንዕሲ 25 ዓመታት ብዘይ ፍርዲ ታኣሲሩ ዘሎ ተባዕ ተጋዳላይ ቢተወደድ ኣብርሃ ብምቕራብ ተሞክሮታቱን ተዘክሮታቱን ንተሳተፍቲ ጽምብል ኣካፊሉ። ንዝርዝሩ፡ ኣብዚ ጠውቑ። ተቓላሳይ ሰንጋል ብወገኑ፡ ሓጺር ግን ካኣ ኣገዳሲ መልእኽቲ ንሕዝቢ ኤርትራ ኢዩ ኣመሓላሊፉ። ንዝርዝሩ፡ ኣብዚ ጠውቑ።